## መንግስቲ ኤርትራ ንቕትለት ኣስመራ
## ኣሉታ ሂብሉ !
### እቶም ወታሃደራት ከ በዓል መንእዮም ?

ቅድሚ ኣብ'ዚ ጉዳይ ምእታወይ ነቶም ንምእንቲ ነጻ ርእይቶኦምን፡ ንምእንቲ ሓልዮት ህዝቦምን ሃገሮም፡ ክጸርዎ ዘለዎም ሓላፍነት፡ ከመሓላልፍዎ ንዝነበሮም መብጽዓ ንምትግባር፡ ንርእይትኦም ንህዝቢ ንምግላጽን፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ሓርነታዊ ቃልሲ ንምርግጋጽ ኣብ ቃልሲ ዝርከቡ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ኩሎም ናይ ፖለቲካዊ እሱር ንዕለት 18 መስከረም ብምዝካር፡ እቲ ዘይሓልፍን ነባርን ታሪኽ ሂወቶም ኣብ ሓደ መድረኽ ቅንዕናን ግሉጽነት ኣብ ጺሖም ጥራሕ ዘይኮኑስ በቲ ዘይፍትሓዊ ተግባራት ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዝወርዶም ዘሎ ስቓይ ክዝክር እፈቱ። ነቲ ዝተሰከምዎ ሓላፍነትን ጾር ድማ ኩሉ ደላይ ሰላምን ፍትሕን ክስከሞን ሓላፍነት ክወሰደሉን፡ እቲ ተሪፍዎም ዘሎ ዕድመ ድማ ብነጻነት ክሕልፍዎ ካብ ማእሰርቲ ክፍትሑ ዘሎ ፖለቲካዊ ክእለትን፡ ዓቕምታት፡ ብቕዓታትን ክዋፈር ይግባእ።

ቀጺለ ኣብ'ቲ ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዘይፍለ ጉዳይ ፍትሕን ርትዕን፡ ሰላምን ምርግጋጽእን፡ ጉዳይየ ከድህብ።

ብዕለት 14 መከረም ኣብ ሻዕቢየት.ኮም ዝወጸ ሓበሬታ ነቲ ኣብ ቓልዕ ጎደና ኣስመራ ብወተሃደራት ተቐቲሉ ዝተባህለ መንእሰይ ኣሉታ ተዋሂብሉ። ኣነ ብወገነይ ካብ'ቶም ነዚ ጉዳይ፡ ፈጺሙ ክንጸግ ዘለዎ ተግባራት'ዩ ብማለት ነቐፈታይ ዘቕረብኩ እየ።

ኣነ ነቲ በዚ ሓደገኛን ጨካንን ሞት ዘቕረብክዎ ነቐፈታ ክስሕቦ ዘኽእል ሰንሰለታዊ ጭብጥታት ክልተ ወገና'ምበር፡ ብሓደ ወገን ሸነኽ ጥራሕ ንዝቀርብ ምስክር ኣይኮነን። ካልእ ነዚ ቀጺሉ ዝቐርብ ሕቶታት መልሲ ምስ ዝወሃቦ፡ እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ተረኺቡ ዝብል ግጉይ ምዃኑ ክበርህን ክስረዝን ይኽእል።

ካብ ቃል መሰኻክር ዝተወሰደ ሓፈሻዊ ርድኢትን፡ ካብ መንግስቲ ይኹን ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ብፍላይ ሓለዋ ጸጥታን ፖሊስን ክርከበሉ ዘለዎም መልስን'ዩ።

1. ኣብ ሃገርና ከም ልሙድ ዝጸንሐ፡ ሓደ ሰክራም እንተወደቐ፡ ሰራቒ ሰሪቑ እንተተባህለን መጠን ዘይብሉ ብዙሕ ህዝቢ'ዩ ኣብ'ቲ ከባቢ ዓጕጉ ዝዕዘብ፡ ሰኽራም እንተኾነስ ስለ ምንታይ ሰብ ካብ ጽርግያ ክኣልዮ ዘይፍትን ?

2. ብተመሳሳሊ ናይ ምርኢት ይኹን፡ ወይ ከም'ቲ ኣብ ጽሑፍ ሰፌሩ ዘሎ ትያትር'ዩ ዝብልዎ እንተኾይኑ፡ ብቐትሪ ክሳብ መንገዲ ዓጊቱ ትያትር ዝሰርሕን፡ ሰብ ዘይብሉ ጎደናታት ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ኣብ'ዚ'ውን እንተኾነ እቲ ኣብ ኣስመራ ተዳልዩ ንመሸጣ ዝዝርጋሕ ቪድዮታት ከይትረፈ ኩሉ ኣብ'ቲ ከባቢ ኮይኑ ዝዕዘብ ሰብ ትርእየሉኻ ኣብ'ዚ ግን ብዘይካ ሰለተ ሰባት ማለት ሰለስተ ሰብኡትን ክልተ ደቒ ኣንስትዮ ካልኦት ኣይረኣዩን ?

3. እዞም መሰኻኽር ተባሂሎም ቀሪቦም ቃሎም ሂቦም ዘለዉ ኣብ ኣፍደገ ገዝኦም ወይ ትካሎም ናይ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ኣብ'ቲ ስእሊ ማዕረ መኪና ትኣክል ጎደና ዓጽያቶ ጠጠው ክትብልን፡ ጠጠው መበሊኣ ነዚ ዝኾነ ቀንዲ ምኽንያት ክገልጹ ይግበኦም ነቢሩ። እቶም ኣብ'ቲ ስእሊ ዝረኣዩ ሰባት፡ ቐትሪ ምድሪ፡እሞ ኣብ ዓብይ ጎደና ዝኣክል ብመኪና ዓጽዮም ብጽቡቕ ይኹን ብሕማቕ ኣብ'ቲ ቦታ ጠጠው መበሊኦም በዞም ናይ መሰኻክር ሰባት ዝኾነ ይኹን ዓይነት መግለጺ ኣይተረኽቦን ስለምንታይ ?

4. ገገለ ካብ'ቶም መሰኻኽር ይብል ድሕሪ ነጻነት ኣብ ኣስመራ ዝኾነ ይኹን ብደረጃ'ዚ ተፈጺሙ ኣይፈልጥን በለ፡ ሓቂ ድዩ ? ዓዲ ኣበይቶ ዞባ ማእከል ዶ ኣይኮነን ? ብኣማኢት ዝቁጸሩ ዝተኣሰሩ ተመሃሮ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ፡ ቺቸሮ (ሜዳ ንስግስተ ሳባ) ኣስመራ ዶ ኣይኮነን። ሓደ ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ህግደፍ ብብዝሒ መስተ ሞይቱ ተረኺቡ ተባሂሉ ዝጸንሐ ኣብ ኣስመራ ዶ ኣይኮነን። ኣብ ፎረንታዮ ከባቢ ፋብሪካ እንዳዚንጎ ብዓመጽ ዝተቐተለ ሰብ ኣስመራ ዶ ኣይኮነን። ሚኒስተራትን ከካብ ገዝኦም ተሃዲኖም ክእሰሩ ኣብ ኣስመራ ዶ ኣይኮነን ? ጋዜጠኛታት ክእሰሩ ካብ ኣስመራ ዶ ኣይኮነን ? እዚ ንሕልናኹም ዝግደፍ ሕቶ እዩ።

ልዕሊ ኩሉ ሓደ ሂወት ናይ ምስኣን ክዝረበሉ እንተደኣኮይኑስ ብወታሃደራ እንተኾይኑ ጥራሕ ድዩ ማለት እንተኾይኑ፡ ወይስ ጉዳይ ሕግን ድሕነትን ጸጥታን ህዝብን ሃገርን'ዩ ዘገድስ፡ ሕራይ እቲ ካልእ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ዝፍጸም ገበናት'ከ ትዛረብሉ ዶ ? ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ምስክርነትኩም ኣብ ኣስመራ ጥራሕ እዩ ምባልኩም ኣብ ካልእ ቦታታት ከም ዝተፈጸመ ዘምስል ብምንባሩ፡

5. መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ብዝተፈላልየ መንገድን ትካላትን ውድባትን ክቀርበሉ ዝጸንሐን፡ ዝቀርበሉን ዘሎ ነቐፌታትን ክስታትን መዓስ መዓልቲ መሰኻክር ኣቕሪቡ ይፈልጥ። ስለም'ታይ ከ ሕጂ መሰኻኽር ተደልዮም ? እዚ ብሓቂ ነቲ ተፈጺሙ ዘሎ ነገር መሊሱ የኽብዶን፡ ንሰባት ድማ ኣብ ጥርጥር ከም ዝእቱ ይገብረካን።

6. ኣብ ቀዳመይቲ ስእሊ ዝነበሩ ወታሃደራዊ ክዳን ዝተኸድኑ፡ ደሓር ናበይ ኣቢሎም፡ እዚ ጥቓ ወዲቑ ዘሎ ሰብን በዓል ቀይሕ ጃኬትን ግን ከኣ ወታህደራዊ ዩኒፎርም ተኸዲኑ ዘሎ፡ እቲ ካልኣዩ'ውን ከምኡ ?



7 ኣብ ቀዳመይቲ ስእሊ ካብ ብርሑቕ መካይን ክመጻ ይረኣያ፡ ኣብ'ቲ ካልኣይ ስእሊ ድማ ክልተ መካይን ሓንቲ ቀያሕ፡ ሓንቲ ጻዕዳ፡ ኣብ ማእከል ጽርግያ ክጥወያ፡ ወይ ኣንፈተን ናብ'ቲ ዝመጻሉ ክጥወያ ይረኣያ፡ መንገዲ ድማ ዓጽየንኦ ነበራ፡ ኣብ'ቲ ሳልሳይ ስእሊ፡ ድማ ካብ'ተን ብርሑቕ ዝተራእያ መካየን ሰለስተ ንወገን ጸገም ተጸጊዔን ይረኣያ፡ ብየማናይ ወገን ክልተ ሰብ ብሽግለጣ ካብ ርሑቕ ጠጠው ቢሎም ይረኣይ፡ እዚ ኩሉ ምንቕስቓሳት ምስ ምንታይ ዝተኣሳሰረ'ዩ ?



8. ፥ኣብ'ዚ ትያትር ተባሂሉ ምኽንያት ዝወሃበሉ ዘሎ ጉዳይ ቅትለት፡ ሓደ ኣብ ሳልሰይቲ ወይ ታሕተወይቲ ስእሊ ተዓጻፊት ካላሽን( ኣኽመስ ሓዲድ ሒዙ ኣሎ'ዩ ዝመስል) ብርእይቶን ተምሳላን ከኣ እታ ጸይርዋ ዘሎ ተዓጻፊት ካላልሽን'ያ እየ ዝብል። ስለምንታይ እዚ ሰብ፡ ነዚ ብረት ሒዙ ኣብ'ቲ ጥቃ እቲ ሰኽራም ቀሪቡ፡ ፖሊስ የሎን ድዩ ? እቲ ካብ ጸጋም ንየማን ኣብ ካልኣይ መስርዕ ዘሎ ርአ፡ ስለምንታይ እተን መካይን ንድሕሪት ክምለሳ ተገይሩ ?



9. ኣብ'ቲ ሬሳ ወዲቕዎ ዘሎ ቦታ ብክልተ ሸኻኹ ገዛውቲ ማለት ከም እንዳዱኳን ኣይረኣይን፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝረአ እንተሃለወ ብወገን የማን ብጸሊም እምኒ ዝተነድቐ መንደቕ'ዩ። ንወገን ጸጋም ድማ መንደቕ ናይ ሓደ መካበብያ( ካንቸሎ) ሕጽር ዝበለ መንደቕ ይረአ፡ ስለ'ዚ እቶም ሰብ ትካልን ሰራሕተኛታት ክሓልፉ ድዮም ርእዮም ወይ ኣብ ኣፍደገ ትካሎምን ስርሖም እዩ ተፈጺሙ ዝበሃል ብሩህ ኣይኮነን።

10. ኣብ ሳልሰይቲ ስእሊ ክልተ ደቂ ኣንስይቶን ሓደ ወዲ ገጹ ዘይርአን ኣሎ። እቲ ወዲ እንተ ዓርብያ ናይ ቆልዓ ድዩስ ወይ ቃሬዛ( ስረቸር) ዝሓዘ ይመስል። ክልተ ሰብ ብሽግለታ ዝሓዙ ድማ ብማዕዶጠጠው ቢሎም ይዕዘቡ ኣለዉ።

ስለ'ዚ እቶም መሰኻክር ሞት ኣይተረኽበን ካብ በሉ፡ ነዚ ዓብይን ርኡይን ምንቅስቓሳት ትያትር ይኹን ኣይኹን፡ ኣብ ገለጽኦም ከይተንከፍዎ ምሕላፎምን ዘየገርም ኣይኮነን።

## *መደምድምታ*

ኣብ ሃገርና ክልተ ዓይነት ድንጋጸ ኣሎ። ሓደ እቲ ግሩህ ድንጋጸ፣ ወይ ሃንደብታዊ ድንጋጸ'ዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ምስ ኩሉ ሰብ ኣብ ትሕቲ መሳኺ ስርዓት ክሳብ ዝሃለወ ዝረአ ድንጋጸ'ዩ።

በዚ ምኽንያት በቶም መለኽቲ ጀነራልትን። ኣዘዝቲ ሰራዊት፣ ሓለፍቲ ጸጥታ ዝለኣኩ ዝፍጽምዎ ቅጥለት ምስ እቲ ህዝቢ ኩሉ ግዜ ዘሎ ፍርሕን ድንጋጸን'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ድማ ኩሉ ሰብ ንዝኾነ ይኹን ብወታህደራት ንዝፍጸም ገበን ርእዩ ከም ዘረኣየ ሰሚዑ ከም ዘይሰምዐ ከም ዝኸይድ ርጉጽ እዩ።

ከም ሓደጋ መኪና ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ኣብ መንጎ'ቶም ህዝቢ እንተተፈጸመ ግን ሰብ ብግርህና ከም ዝእከቡ ይረአ'ዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ነዚ ጉዳይ ንምምርማሩን ንምርድኡ ብዙሕ ዘሸግር ኣይኮነን።

ብዛዕባ'ቶም መሸካክር ንዝምልከት ድማ ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ምኽንያት ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይኽእልን። እዚ ድማ በዚ ሎሚ ሃገርና ትርከብሉ ዘላ እዋን ዘይትጽበዮ ወይ ዘይትሓስቦ ጉዳይ ኣይኮነን።

ምናልባሽ'ውን እቲ መንግስቲ ኮነ ተባሂሉ ባዕሉ ዘዋፍሮ ዘሎ መጋገዩ ሓበሬታ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ ካብ ብዙሕ ዘይተመለሰ ሕቶታት እቲ መንግስቲ ፈጺሙዎ ክትብል ትኽእል።

እቲ ኮይኑ እዚ ግን ናይ ሓደ ነገር ክሲ ኮይኑ ከምጽእ፣ ዘእምንን ዘኽሕድን ክህሉ ዝኽእል ቀንዲ ጉዳይ ህላውነት ሕግን ስርዓትን እዩ። ኣብ ሕግን ስርዓትን ዝነገሰሉ ሃገር ከኣ ይትረፍ ገበን ንዝፈጸመስ፣ እቲ ተምሳል ገበን ንምፍጻም ዝሓሰበን ዝተንቐሳቐሰን ዘጸለመን ዘካፈአ'ኳ እቲ መቕጽዒ ውሳኔ ወይ ብገበናዊ ሕጊ ተጠርጢሩ ምስ ተተሓዘ ይምርመርን ድሕሪኡ ድማ ጭብጢ ምስ ዝርከቦ ይኽሰስን፣ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ድማ ይቐርብ።

ስለ'ዚ ብረት ዝሓዙ ሰባት ዝተጻንበርዎ ምንቅሽቃስ ማእከል ኣስመራ፣ እቲ ጸጥታዊ ወይ ወታሃደራዊ ቤት ጽሕፈታት ኣፍልጦ ከም ዝነበሮ ክርዳኣ ይኽእል። እቲ ኣፍልጦ ግን ግድነት ንሳቶም ከም ዝፈጸምዎ'ኳ እንተዘየተባህለ እቲ ብረት ጸይሩ ዘሎ ኣካል ክሕተትን ንሱ ባዕሉ መልሲ ምስ ዝህብን ወይ ዘቕረቦ ጸብጻብ ምስ ዝህሉ ጥራሕ እዩ።

እቲ ብረተ ጸይሩ ዘሎ ኣካል፣ ንትያትር ቢሉ ዝተሰከሞ ምስ ዝህሉ ድማ፣ ምምሕዳር ንከምኡ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ዘፍቕዶ ፍቓድ ምስ ዝህሉ ድማ ብሰንድ ክረትዕ የኽእሎ።

ኣብ መወዳእታ ግን ዝኾነ ይኹን፣ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ይትረፍ ሓቂ ዘጓነፈ ብሓሶት'ውን ሰቡ ሞይት ቢሉ ብዘይሓልፍነት ዘውር ሰብ፣ ከም ዝእመንን እቲ ወረ ድማ ክሳብ ዝኣኽሎ ኣብ ኩሉ ሰብ ከም ዝበጽሕ ርዱእ'ዩ። እዚ ኩሉ ድማ ካብ'ቲ ኣካይዳ'ቲ ስርዓትን መምርሒኡን'ዩ።

መንግስቲ ኤርትራ መሰኻክር እንዳምጽአ ክዛረበሎም ዘለዎ ዓብይቲ ጉዳያት ከም ዘለዉ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ እንሆለ ሎሚ ምበል 4ይ ዓመት ኣብ ዘየተፈልጠ ማእሰርቲ ተዳጕኖም ዝርከቡ መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍን ኣባላት ባይቶን ሽማግለታትን፣ ፖለቲካውያን

እሱራት መልሲ ክህብ ይኽእሎ። እቲ ዓብይቲ ሕቶታት ምስ ተመለሰ ከአ ናይ'ቲ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ሕቶታት ንዝወሃብ መልስታት ህዝቢ ብእምነት ክቕበሎ።

መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ኣብ ኢድ ጓኖት ዝበጽሐ ሕቶታት፡ መልሲ ኣኽቢሮም መልሲ ክህብሉ፡ ህዝቢ ንመሰሉን ክብሩን ዝሓቶ፡ ንስለ ደቑ ዝሓቶ ሕቶታት ድማ ንልዕሊ 20 ዓ መታት ተቐቢሩ ክኸይድ እንተኾይኑ፡ ጉዳይ እምነትን ምኽሓድን፡ ዝምድናታት ህዝብን መንግስትን፡ ምቅዋምን ምድጋፍን፡ ካብኡ ዝነቕልን ኣብኡ ዝተመርኰሰ እዩ።

ህሉው ኩነታት መንግስቲ ኤርትራ ካብ'ቲ ህሉው ኣካይዳኡን ፖለቲካዊ ውሳኔታቱን ዝተኣሳሰረ'ዩ። መንግስቲ ብሕግን ስርዓትን ተመሪሑ እንተኸይዱ ህዝቢ ድማ ብሕግን ስርዓትን ተመሪሑ ክኸይድ ግድነት እዩ። ኩሉ ግዜ'ኳ እንተዘየተባህለ ድማ ኣብ ዝበዝሐ ርትዕን ፍትሕን ዝረኣየሉ መድረኽ ይኸውን።

ፍትሕን ርትዕን ይንገስ
ቅንዕናን ግሉጽነትን ይሃሉ

17 መከረም 2005
ኣንቶንዮ ተስፋት